Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ውዕል ኣብ መንጎ ወሃቢ ስልጠናን ተሳተፍቲ ስልጠናን ብመሰረት ዓንቀጽ § 8 ንኡስ-ዓንቀጽ 4 Deutschsprachförderverordnung (DeuFöV-ደገፍ ንምምሃር ቋንቋ ጀርመን)

ኣብዚ ዝስዕብ ጽሑፍ፡ ብምኽንያት ናይ ቋንቋ ምቅላል ተባሂሉ ፡ ጥራይ ብ ናይ ወዲ-ተባዕታ ኣጸዋውዓ መልክዕ ብምጥቃም ተጻሒፉ ኣሎ። ግን ከኣ እዚ ኣጸዋውዓ መልክዕ ን ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ዝኾኑ ጾታታት ብሓደ ገይሩ ዝገልጽ ማለት ኣዩ።

**ኣብ መንጎ**

ሙሉእ ስምን ዕለተ ልደትን ናይ ተሳተፍቲ ስልጠና

**ን**

ስምን ኣድራሻን ናይ ወሃቢ ስልጠና

**እዚ ዝስዕብ ስምምዓት ይግበር ፡**

## 1. ንክፍሊት ዝምልከት

ናብ ሞያዊ ናይ ቋንቋ ስልጠና ንምስታፍ ብመሰረቱ ብነጻ እዩ።

ሞያዊ ናይ ቋንቋ ስልጠና ንምውሳድ ክፍሊት ዝምልከተኩም ፡ እቶም ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዝርከቡ ዝኾነ ዓይነት ማሕበራዊ ሓገዛት ከም SGB II (ማሕበራዊ ሕጊ II)፣ SGB XII (ማሕበራዊ ሕጊ XII) ወይ AsylbLG (ሕጊ ተሓገዝቲ ሓተትቲ ዑቕባ) ዘይቅበሉ፣ወይ ናይ ስራሕ ኣልቦ ገንዘብ ክወስዱ ዘይግብኦም ኣብ ሞያዊ ስልጠና ማለት ብመሰረት § 57 Absatz 1 SGB III (ዓንቀጽ 57 ንኡስ-ዓንቀጽ 1 ማሕበራዊ ሕጊ III) ወይ ኣብ መእተዊ-ደረጃ ናይ ሞያዊ ብቕዓት ዘለኹምን እቶም ዓመታዊ ግብሪ ዝኽፈሎ ኣታዊኹም ልዕሊ 20,000 € (ንንጽል ውልቀሰብ) ወይ 40,000 € (ንጽምዲ ሰብ ሓዳር) ኢኹም። ካብዞም እተጠቐሱ ውልቀሰባት እንተኾንኩም ግድን መሸፈኒ ውጽኢት ዋጋታት ክትከፍሉ ኢኹም። ወሃቢ ስልጠና ነቶም መሸፈኒ ውጽኢት ዋጋታት ክትከፍሉ ዝምልከተኩም ተሳተፍቲ ስልጠና ኣብ እዋን ምዝገባ ናይ ግድን ክሕብረኩም እዩ። መሸፈኒ ውጽኢት ዋጋታት ናይ ኩሉ ክፍለ-ግዜ ንወሃቢ ስልጠና ኣብ እዋን ምጅማር ስልጠና እዩ ዝኽፈል።

ኣብ ንጡፍ ስራሕ እንዳሃለኹም እቲ ግብሪ ዝኽፈሎ ዓመታዊ ኣታዊታትኩም ካብቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ዝትሕት ምስዝኸውን ናብ ሞያዊ ናይ ቋንቋ ስልጠና ብዘይክፍሊት ክትመሃሩ ይፍቀደልኩም እዩ። ኮይኑ ግን ነቲ ስልጠና ብዘይ ብቑዕ ምኽንያትን ብናይ ውልቅኹም ውሳኔን ኣብ ሞንጎ ምስ እተቛርጽዎ ፡ እቲ እተሰለዐ መሸፈኒ ውጽኢት ዋጋታት ናይ ምኽፋል ግዴታ ኣለኩም። ምናልባት እቲ ነቲ ስልጠና ከተቛርጽዎ ዝገበረኩም ምኽንያት ዘይስገርን ዓብን ምስዝኸውን ግን ጭብጥታትኩም ብምስናይ ናብ ክልላዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ግድን ክትሕብሩ ኣለኩም።

ወሃቢ ስልጠና ንተሳተፍቲ ስልጠና ናይ ስልጠና መጽሓፍቲ ብነጻ ክህበኩም እዩ።

## 2. ናይ መጎዓዝያ ወጻኢታት

ተሳተፍቲ ተቐበልቲ ናይ ፡

- ብማሕበራዊ ሕጊ III (SGB III) መሰረት ስራሕ-ኣልቦ ገንዘብ I ዝረኽቡ

- ብማሕበራዊ ሕጊ II (SGB II) መሰረት ስራሕ-ኣልቦ ገንዘብ II ዝረኽቡ
- ማሕበራዊ ሓገዛት ተረባሕቲ (SGB XII) (ማሕበራዊ ሕጊ XII)
- መንእሰያት ሓገዝ (Jugendhilfe, SGB VIII - ማሕበራዊ ሕጊ VIII, ኣብ ክንዲ ተቐበልት AsylbLG (Asylbewerberleistungsgesetz - ሕጊ ተሓገዝቲ ሓተትቲ ዑቕባ)
- ተሓገዝቲ ሓተትቲ ዑቕባ (Asylbewerberleistungsgesetz - ሕጊ ተሓገዝቲ ሓተትቲ ዑቕባ) ወይ
- ሞያዊ ስልጠና ተሓገዝቲ (Berufsausbildungsbeihilfe) ብመሰረት § 56 SGB III (ዓንቀጽ 56 ማሕበራዊ ሕጊ III)

ምስእትኾኑ ነቲ ዘድሊ ናይ መጎዓዝያ ወጻኢታት ሓገዝ ክትረኽቡ ክፍቀደልኩም ይኽእል እዩ። እቲ ዝወሃብ ሓገዛት ኣብ እዋን ምስታፍ ኣብ ስልጠና ምስ ዝቋረጽ፡ እቲ ኣብ ስልጠና ዝካፈል ሰብ፡ ብኡ-ንብኡ ን ወሃቢ ስልጠና ከምኡ'ድማ ን ክልላዊ ቤት ጽሕፈት ክሕብር ይግባእ።

ካብ መንበሪ ቤትኩም ናብቲ ስልጥና ዝወሃበሉ ቦታ ፡ ወይ ድማ ናብቲ ናይ ሰርቲፊኬት መውሃዊ ፈተና ኣዳራሽ ፡ እንተደኣ ብዝሓጸረ መንገዲ ኣጋር ካብ 3 ኪሎሜተር ዘይውሕድ ኮይኑ ፡ እቲ ሓገዝ መሸፈኒ ናይ መጎዓዝያ ወጻኢታትኩም ተደሚሩ ብሓደ ክወሃበኩም እዩ። እቲ መመልከቲ መሕተቲ ናይ መጎዓዝያ ኣበልኩም ግድን ምስ ወሃብቲ ስልጠና ክስነድ ኣለዎ። እቲ ዝቀርብ መመልከቲ ምስ ዝንጸግ ተሳተፍቲ ናይ ተቓውሞ መመልክቲ ኣንጻር እተነጸገ ሕቶኹም ፡ ወይ ንወሃብቲ ስልጠና ብጽሑፍ እተሰነየ ውክልና ክትህብዎም ትኽእሉ ኢኹም ምእንቲ ንሶም ንዓኹም ወኪሎም ኣብ ክንዳኹም ኮይኖም ጥርዓንኩም ከቕርቡልኩም።

እንተደኣ ክልላዊ ቤት ጽሕፈት ናይ መጎዓዝያ ኣበል ጠለብኩም ኣጽዲቁልኩም ፡ እቲ ኣበል ክሳብ እቲ ስልጠና ዝውዳእ የገልግል ወይ ቅቡል ይኸውን። እቲ ኣበል ምስ ምልውዋጥ ዋጋታት ኣይቅየርን እዩ። እቲ ኣበል እንተደኣ መንበሪ ገዛ ወይ መምሃሪ ቦታ ቀይርኩም ኣይገልግልን እዩ። ስለዚ ዝኾነ ናይ መንበሪ ይኹን መምሃሪ ቦታ ምስእትቕይሩ ከምብሓድሽ ሓድሽ መመልከቲ ብምምላእ ከተመልክቱ ይግባእ።

## 3. ክንክን ህጻናት

ወሃቢ ስልጠና ንተሳተፍቲ ንህጻናትኩም ክሕዙልኩም ዝኽእሉ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ምትትሕሓዝ ክሕግዙኩም እዩ።

## 4. ምጅማር ስልጠና

እቶም ብቑዓት ናብ ሞያዊ ናይ ቋንቋ ስልጠና ክትሳተፉ ዝተፈቐደልኩም ሰልጠንቲ ድሕሪ ምምዝጋብ ኣብ ውሽጢ 4 ሰሙናት ኣብ ዘሎ ግዜ ስልጠናኹም ክትጅምሩ ኣለኩም። ዝኾነ ስልጠና እንተዘይጀሚርኩም እቲ ወሃቢ ስልጠና ግድን ናብ ካልእ እቲ ዝሰማምዓኩም (ዝመረጽኩሞ) ስልጠና ክህበኩም ናይ ዝኽእል ወሃቢ ስልጠና ከሰጋግረኩም ኣለዎ። ወሃቢ ስልጠና እቲ ኦሪጂናል መረጋገጺ ናይ ተሳትፎ ብቕዓት ወረቕትኩም ንዓኹም ድሕሪ ምሃቡ ብዛዕባ እቲ ዝተኻየደ ምስግጋር ወሃብቲ ስልጠና ንክልላዊ ቤት ጽሕፈት ክሕብር ኣለዎ።

ተሳተፍቲ ስልጠና ዝኾነ ናይ ኣድራሻ ለውጢ ምስእትገብሩ ግድን ቀልጢፍኩም ንወሃቢ ስልጠና ክትሕብሩ ኣለኩም። ምቅያር ስልጠና ከቢድ ጸገም ምስዘጋጥመኩም ጥራይ እዩ ዝፍቀደልኩም።ከቢድ ጸገም ዝበሃል ንኣብነት ኣብ ሞንጎ ስልጠና መንበሪ ገዛ እንተቀይርኩምን እሞ ከኣ ካብቲ ሓድሽ ዝቐየርኩሞ ገዛ ናብቲ መውሃቢ ስልጠና ክትበጽሑ 90 ደቓይቕ ዝሓተኩም እንተኾይኑ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ፡ ተሳተፍቲ ስልጠና ግድን ስልጠና ንክቕየረልኩም ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ፍልሰትን ስደተኛታትን ከተመልክቱ ኣለኩም።

ወሃቢ ስልጠና እንተደኣ ንኹሉ እቲ ናይ ስልጠና መደብ ሰሪዝዎ ባዕሉ እቲ ወሃቢ ስልጠና ንተሳተፍቲ ስልጠና ግድን ናብ ዝሰማምዓኩም ቅያር መሰልጠኒ ክምድበኩም እዩ።

## 5. ስነ ስርዓት ኣብ እዋን ስልጠና

ስልጠናታት ፡ ግድን ብስሩዕን ኣብ ሰዓቶምን ክወሰዱ ኣለዎም። ተሳተፍቲ ሰልጠንቲ ብንጥፈት ኣብቲ ዝወሃብ ትምህርቲ እጃሞም ከበርክቱ ኣለዎም።

ናይ ወሃብቲ ስልጠና ውሽጣዊ ሕግታት ግድን ክሕለዎ ኣለዎም። ምጥሓስ ሕግታት ክሳብ ካብ ስልጠና ናይ ምብራር ሳዕቤን ኣለዎም።

## 6. ብኩራት

ብባዕልኹም ዝውሰኑ ውልቃዊ መደባት ናይ በዓላት ኣብ እዋን ስልጠና ፍቑዳት ኣይኮኑን።

ወሃቢ ስልጠና ብዛዕባ ካብ ስልጠና ብዋኒኖም ዝወጹን ዘብኩሩን ብቕጽበት ንክልላዊ ቤት ጽሕፈትን ነቲ ናይ ተሳትፎ ብቕዓት መረጋገጺ ዝሃበኩም ኣካልን ናይ ምሕባር ሓላፍነት ኣለዎ። ብፍላይ እቶም ሰልጠንቲ ብማእከል ዕዮ ናብቲ ስልጠና ብግዴታ እተመደቡ እንተኾይኖም ፡ እቲ ወሃቢ ስልጠና ብህጹጽ ንማእከል ዕዮ ይሕብር ምእንቲ እቲ ዝተመደበ ናይ ስልጠና መደብ ብሰንኪ ጉድለት ናይ ሰልጠንቲ ዕላምኡ ካብ ምህራም ከይሰናኸል (i.V.m. § 9 Abs. 5 Satz 2 DeuFöV) (ብምእትስሳር ምስ ዓንቀጽ § 9 ንኡስ-ዓንቀጽ 5 እዝባር 2 ናይ ቋንቋ ጀርመን መምሃሪ ሕጊ)

ተሳተፍቲ ስልጠና ኣብ ዘብኩሩሉ እዋናት እቶም ወሃብቲ ስልጠና ብፍሉይ ጸብጻብ ናይ ምቕራብ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት ሰልጠንቲ፡

- ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ኣብ መጀመርታ ናይ ስልጠና መዓልቲ ምስ ዘብኩሩ
- ብብቑዕ ይኹን ብዘይብቑዕ ምኽንያታት ንተኸታታሊ ሰለስተ ናይ ስልጠና መዓልታት ብኩራት ምስዘጋጥም
- ንልዕሊ 20 % ናይ ስልጠና ክፍለ ግዜታት ብኩራት ምስዘጋጥም።

ሰልጠንቲ ካብቲ ክሳተፍዎ እተመደበሎም ሞያዊ ናይ ቋንቋ ስልጠና ልዕሊ 30% ብኩራት ምስዝህልዎም ፡ ስልጠናኦም ብዓወት ከምዝዛዘሙ ኣይቁጸርን እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ፡ ወሃብቲ ስልጠና  ጸብጻብ ብኩራት ናይ ተሳተፍቲ ስልጠና ፡ ናብ ወኪላት ዕዮ ወይ ናብ ናይ ስራሕ ማእከላትን ናብ ክልላዊ ቤት ጽሕፈትን ናይ ምቅራብ ግዴታ ኣለዎም።

ብቑዕ ምክንያት ብኩራት ዝቁጸር መረጋገጺ ምስዝህልወኩም ጥራይ እዩ። ንኣብነት፡ መረጋገጺ ናይ ሓኪም ወረቐት ግድን ብቐጥታ ናይ ወሃብቲ ስልጠና ከተረክብዎ ኣለኩም። ሰልጠንቲ ካብ ስልጠና በዘን ዝስዕባ ምክንያታት ብኩራት ከጋጥሞ ይኽእል ፡

| | |
|---|---|
| ሕማም | **ክሳብ ሓንቲ ናይ ስልጠና መዓልቲ**-ተሳተፍቲ ስልጠና ንወሃቢ ስልጠና ብዛዕባ ሕማምኩም ብተሌፎን/ብቓል እንተደኣ ሓቢርኩሞ (እቲ ወሃቢ ስልጠና ብጽሑፍ የስፍሮ) ወይ እቲ ሕማም ዝጀመረሉ ይጽሕፍ።<br><br>ናይ ሓኪም ወረቐት ከተቅርቡ ኣለኩም ግድን **ኣብታ ስዒባ እትኸዱዋ ናይ ስልጠና መዓልቲ።** |
| ንትሕቲ 12 ዓመት ዝሓመመ ህጻን ክንክን ምውሳድ ካልእ ክከናኸና ዝኽእል እንተዘየለ | ሓኪም ነቲ ህጻን ድሕሪ ምምርማሩን ንክንክን እቲ ህጻን ብዝጽሕፈሉ ወረቐትን ጥራይ ቅቡል ይኸውን  ካብታ ናይ መጀመርታ ናይ ስልጠና መዓልቲ። |
| ዘይተሓሰበ ሃንደበታዊ ምቁራጽ ክንክን ናይ ቆልዑትኩም ምስዘጋጥም ፡ እዚ ክሳብ ደቂ 8 ዓመት ኣብ ዝኾኑ ደቅኹም ምስዘጋጥመኩም (ንኣብነት፡ሕማም ናይ ንቆልዓኩም ክንክን ዝህቦ ሰብ) | መረጋገጺ ካብ ዝምልከቶ ወሃቢ ክንክን ህጻናት የድሊ። |

| | |
|---|---|
| እንተደኣ እቲ ዘዳንፍ ዕንቅፋት ወይ ምዕጻው መናበዪ ማእከል ወይ ቤት ትምህርቲ ብትእዛዝ ሰብ መዚ ወይ ዘባዊ መንግስቲ ኮይኑ እሞ ከኣ እቲ ህጻን ገና መበል 12 ዓመት ዕድሚኡ ዘይበጸሐ እንተኾይኑን | ኣብ እዋን ምቅራብ/ምልኣኽ መረጋገጺ ግቡእ ጭብጢ ብዛዕባ ምዕጻው (ኣድላይ ዘይኮነ ጉዳይ መዕጸዊ መምርሒታት (ብሃገር ወይ ኣውራጃ ወይ ምምሕዳር ከተማ ተቐባልነት ዘለዎ) |
| ምስ ተሳተፍቲ ስልጠና ኣብ ሓደ ቤት ምሳኹም ንዝነብር ቤተሰብ ክትከናኸኑ | መረጋገጺ ካብ ሓኪም ንክንክን እቲ ቤተሰብ ዝምልከት ምቕራብ የድሊ። |
| መርዓ ናይ ተሳተፍቲ ስልጠና ምስዘጋጥም | **ክልተ ናይ ስልጠና መዓልቲ** ይፍቀዳልኩም መረጋገጺ ምስ ኣቕረብኩም (ናይ ቃል ኪዳን ምስክር ወረቐት)። |
| ወሊድ ምስዘጋጥም ናይ ወላዲት ኣደ ክንክን ግዜ | ካብ ዝምልከቶ መረጋገጺ ምቕራብ የድሊ (ንኣብነት፡ ናይ ሓኪም ወረቐት)። |
| ናይ ተሳታፊ ስልጠና በዓልቲ ቤት ወይ መጻምዲ ሕርሲ ምስዘጋጥም | **ክልተ ናይ ስልጠና መዓልቲ** ይፍቀዳልኩም ካብ ዝምልከቶ ኣካል መረጋገጺ ምስ ኣቕረብኩም ((ንኣብነት፡ ናይ ሓኪም ወረቐት፡ ናይ ዕለተ-ልደት ምስክር ወረቐት)። |
| ሞት ናይ በዓል ቤት/ በዓልቲ ቤት ፡ ወግዓዊ/ሕጋዊ መጻምዲ ፡ ደቅኹም ወይ ወለድኹም | **ክሳብ ክልተ ናይ ስልጠና መዓልታት** ብመሰረት መረጋገጺ ካብ ዝምልከቶ ኣካል።<br>**ክሳብ ሓሙሽተ ናይ ስልጠና መዓልታት** ስነ-ስርዓት ቀብሪ ናይቲ ዝሞተ ቤተሰብ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝፍጸም እንተኾይኑ። |
| መንግስታዊ ቆጸራታት (ንኣብነት፡ምስ ጉዳይ ዜግነት ፡ ቤት ፍርዲ) | መረጋገጺ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ምቕራብ የድሊ። |
| ንወሃቢ ስልጠናኣ ፍቓድ ዝተውሃበ ብኩራት | መረጋገጺ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ምቕራብ የድሊ። |
| ኣስራሕቲ ንሰራሕተኛታቶም ዘፍቅድዎ ዕረፍቲ | ቅዳሕ ዝጸደቐ ሕቶ ናይ ዕረፍቲ ካብ ኣስራሕትኹም ምቕራብ የድሊ። |
| ኣብ ገዛ ናይ ምውሻብ ትእዛዝ ብዘባውያን ሰብ መዚ ዝተውሃበ | ኣብ እዋን ምቅራብ/ምልኣኽ መረጋገጺ ግቡእ ጭብጢ (ኣድላይ ዘይኮነ እንተደኣ እቲ ትእዛዝ ን ናይ መንበሪ ኣድራሻ ቅቡል ሙኳኑ ፍሉጥ ኮይኑ) |
| ሕማም ኮቪድ-19 ከይህልወካ ንምፍላጥ ኣብ ዝካየድ መርመራ ምስታፍ | **ኣብ መዓልቲ መርመራ ዝተገብረሉን ኣብ መዓልታት መጸበይ ውጺኢትን፡** ነዚ ዝገልጽ መረጋገጺ ኣብ ዝቀርበሉ |
| ኣባላት ዝኾነት ናይ ብሓደጋ ዝተጋለጸት ጉጅለ ፡ምስ ሕክምና ምትሕሓዝ ምስዘለዎም ፡ ብዓይኒ ሕክምናዊ መለክዒ ፡ ጽኑዕ ምስ ምልክታት ኮቪድ -19 ምትሕሓዝ ዘለዎ ሕማም ምስ እትሓሙ ፡ ግብራዊ መምሃሪ ክፍሊ እንተደኣ ዘየለ ኣብ ክሳተፉ ኣይፍቀደሎምን እዩ | ኣብ እዋን ምቕራብ መረጋገጺ ወረቐት ኣባል ናይ ኣብ ብሓደጋ ዝተጋለጸ ጉጅለ ሙኳንኩም፡<br>መብርሂ፡ ኣብቲ እዋን ምቕራብ ብኣካል ምቕራብ ብወለንታኹም እዩ ዝውሰን ፡ ወላ እቲ መስፈረታት ናይ ኣባልነት ኣብ ሓደጋ ዘላ ጉጅለ ተማሉኡ እንተኾንኩም። |

ካብ ሓኪም ንዝተወሃቡ ወረቓቕትን ካልእ መረጋገጺ ሰነዳትን ምእንቲ ናይ ብኩራት ምኽንያት ምስክር ኮይኖም ከገልግሉ ምስ ወሃቢ ስልጠና ይዕቀቡ።

## 7. ምስክር ወረቐት

ወሃቢ ስልጠና ንነብሲ ወከፍ ተሳተፍቲ ሞያዊ ናይ ቋንቋ ሰልጠንቲ ናይ ፈተና ምስክር ወረቐት ክህቡኹም እዮም። ንፍሉይ ስልተናታት ብዝምልከት ንኣብነት ንግዲ ፡ ኢንዱስትሪ ፡ ቴክኖሎጅይ ወዘተ ምስክር ወረቐት ናይ ተሳትፎ ምስ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዘመዝገብኩሞ ነጥብታት ዝሓቐፈ ምስክር ወረቐት ክዳልውልኩም እዮም። ኣብ ፈተና ምስ እትተርፉ ከኣ ሓንቲ ጥራይ ናይ ምድጋም ዕድል ክትወሃበኩም እያ።

ኣብ ፈተና ምስ ዘይትሓልፉ ናብ ወከልቲ ዕዮ ወይ ማእከላት ዕዮ እቲ ስልጠና ንሓንቲ ግዜ ጥራይ ንምድጋም ከተምልክቱ ትኽእሉ።

ምስክር ወረቐት ናይ ፈተናን ምድጋም ፈተና ምስክር ወረቐት ንምርካብን ብነጻ ይካየድ ንተሳተፍቲ ስልጠና።

ክልተ ግዜ ዝተረፍኩም ተሳተፍቲ ስልጠና ፡ ካብ ወሃቢ ስልጠና ነቲ ዘመዝገብኩሞ ናይ ምምሃር ዕቤት ዝገልጽ ምስክር ወረቐት ክዳለወልኩም እዩ። እቲ ወሃቢ ስልጠና ግድን ቅዳሕ ምስክር ወረቐትኩም ናብ ክልላዊ ቤት ጽሕፈት ፡ ወኪል ዕዮን ወይ ዕዮ ማእከል ናይ ምስዳድ ሓላፍነት ኣለዎ። ንዝሓለፉ ከኣ ምስክር ወረቐቶም ብተመሳሳሊ መስርሕ ቅዳሑም ይለኣኸሎም።

## 8. ምእካብ ሓበሬታ

ውልቃዊ ሓበሬታታት ናብ ሕጋውያን ኣካላት (ንኣብነት፡ ክልላዊ ቤት ጽሕፈት ፡ ወኪል ዕዮ ፡ ወሃብቲ መሰረታዊ ሓገዛት) ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርን ዝምድናን (ብመንጽር ሕጊ ምዕቃብ ሓበሬታ) ንጠቕሚ ሕጋዊ መዓላታትን ንምደባ ሞያዊ ናይ ቋንቋ ስልጠናታትን ፡ ብኣፍልጦ ጥራይ ናይ ምክፋል ግዴታ ኣለዎም።ሓበሬታትት ንኻልእ መዓላ ክውዕሉ ኣይፍቀድን እዩ ፡ ብፍላይ ንንግዳዊ መዓላታት ፡ ወይ ናብ ዘይተፈቐዶ ሳልሳይ ኣካል ሓበሬታታት ምትሕልላፍ ብጥብቂ ክልኩል እዩ።

ወሃብቲ ስልጠና ነቲ ናይ ተሳተፍቲ ስልጠና ውልቃዊ ሓበሬታታት ኣብ ነብሲ ወከፍ ሓሙሽተ ዓመታት ናይ ምስራዝ ግዴታ ኣለዎም።

ተሳተፍቲ ስልጠና ውልቃዊ መዝገባቶም ናይ ምርኣይ መሰሎም ሕሉው እዩ።

ቦታ ፡ ዕለት

ክታም ተሳተፍቲ ስልጠና
(ብኽብረትኩም ኣስተብህሉ፡ ብዘይ ክታም፡ ምስታፍ ናይ ፍቃድ ዝተዋህበም ተሳተፍቲ ኣይከኣልን እዩ።
ተሳተፍቲ ስልጠና ትሕቲ 18 ዓመት ምስዝኾኑ ከኣ፡
ክታም ወለዲ ወይ ሕጋውያን ናይ ምእላይ ሓላፍነት ዘለዎም የድሊ።)

ክታም ወሃብቲ ስልጠና